ABLE BODIED ADULT WITHOUT DEPENDENTS (ABAWD)

# መሰረታዊ ናይ ምግቢ ብቕዓት፡-
# ድጐማኻ ብቐጻሊ ንምርካብ ክትፈልጦ ዝግብኣካ ነገራት
# Basic Food Eligibility Requirements: What You Need to Know to Keep Your Benefits

**ዘይትሰርሕ እንተ ኼንካ፡ ድጐማኻ ብግዜ እዩ ዝውሰን**

መሰረታዊ ምግቢ ንኽትረክብ እትኽእል ጽግዕተኛ ዘይብሉ እኹል ዓብዪ ሰብ (ABAWD) ከም ዝኾንካ ጌርና ኢና እንርእየካ፣ ምኽንያቱ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፣ ኣብ ቤትካ ድማ ቆልዑ የብልካን፣

ናይ ስራሕ ብቕዓት ዘይተማልአ እንተ ኼንካ፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ 36 ኣዋርሕ ናይተን ሰለስተ ወርሒ ናይ መሰረታዊ ምግቢ ድጐማ ክትቀበል ትኽእል ኢኻ።

**ናይ መሰረታዊ ምግቢ ድጐማኻ ብኸመይ ብቐጻሊ ኽትረክብ ከም እትኽእል**

ካብዚ ዝስዕብ ሓዲኡ ወይ ዝያዳ ንጥፈታት ብምግባር፡ ድጐማኻ ኻብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ኽም ዝቕጽል ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡-

- በብወርሑ ኣብቲ ብመደብ ዎርክፌር ዝግበር ናይ ወለንታ ዕዮ ብምክፋል ግቡእካ ዛዝም። በብወርሑ እትረኽቦ መጠን ድጐማ ነቲ ንመሰረታዊ ናይ ምግቢ ድጐማ ከም ዝቕጽል ንምግባር እትዓዮ መጠን ናይ ወለንታ ዕዮ ይውስኖ እዩ።
- ኣብ ሰሙን ብውሑዱ 20 ሰዓት ስራሕ ወይ ኣብ ወርሒ ብገምጋም ን80 ሰዓት ስራሕ።
- ኣብቲ ብግዝኣት እተፈቕደ ስራሕ ወይ መደብ ስልጠና ተሳተፍ፣ ንኣብነት፡-
  - o መሰረታዊ ናይ ምግቢ ስራሕን ስልጠናን (BFET)። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብዚ ርአ፡- www.dshs.wa.gov/bfet;
  - o ኣብ ሕጊ ናይ ስራሕ ምህዞን ኣጋጣምን ዝጠቓለል መደባት (WIOA). ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብዚ ርአ፡- https://www.dshs.wa.gov/esa/community-services-offices/wioa;
  - o AmeriCorps VISTA ወይ
  - o Limited English Proficiency (LEP) Pathway.

**ዕንቅፋታት ተሳትፎ**

ኣብ ወርሒ እንተ ወሓደ ን80 ሰዓት ክትሳተፍ እንተ ዘይክኢልካ ርኺበና፣ ምኽንያቱ፡-

- ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ስንክልና፣
- ካብ ስራሕን ኢንዱስትርን (L&I)፡ ካብ ምምሕዳር ገዳይም ወተሃደራት፡ ወይ ካብ መድሕን ውልቃዊ ስንክልና ድጐማ ትቕበል እንተ ኼንካ፣
- ከይትሰርሕ ኣብ ዝኽልክለካ ኽም ናይ ነዊሕ እዋን ቤት ኣልቦነት ዝኣመሰለ ኹነታት ትነብር እንተ ኼንካ፣
- ብሰንኪ ዕድመ ምድፋእ ወይ ስንክልና ዝኣመሰለ ምኽንያት ንኻልእ ሰብ ትከናኸን እንተ ኼንካ፣
- ከሚካላዊ ሕክምና ወይ ናይ ተሓድሶ መደብ ኣብ ዘድልዮ ኹነታት ትካፈል እንተ ኼንካ፣
- ናይ ሸቕለት ኣልቦነት ድጐማ ትቕበል እንተ ኼንካ፣
- እንተ ወሓደ ንፍርቂ እዋን ኣብ ቤት ትምህርቲ ተመዝጊብካ እንተ ኼንካ፣ ወይ
- ምስ ስደተኛታት ዝተሓሓዝ ጥረ ገንዘብ ትቕበል እንተ ኼንካ ወይ ናይ Matching Grant Funds ትቕበል እንተ ኼንካ።

**ጸብጻብ ክትገብሮ ዘሎካ ነገራት**

እዚ ዝስዕብ እንተ ኣጋጢሙ ኽትሕብረና ኣሎካ፡-

- ኣብ ወርሒ ክትሳተፎ ዘለካ መጠን ሰዓታት ከተማልእ እንተ ዘይክኢልካ።
- ስራሕካ ኣብ ሰሙን ትሕቲ 20 ሰዓት እንተ ወሪዱ።
- ኣታዊ ስድራቤትካ ካብቲ ኣብ WAC 388-478-0060 ተጠቒሱ ዘሎ ደረት እንተ ሓሊፉ።

ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት ብዛዕባ እቲ ምስ ABAWD ዝተሓሓዝ ከተማልኦ ዝግባእ ብቕዓታት ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክብ ኢኻ፡- www.dshs.wa.gov/abawd.

ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ ምስቲ ናይ ስልጠና መደብ ንምርኻብ ሓገዝ እንተ ደሊኻ፡ ወይ ድማ ብዛዕባ ዘጋጠመ ለውጢ ጸብጻብ ክትገብር እንተ ደሊኻ ናብ 1-877-501-2233 ደውለልና።

ንድጐማ ኽተመልክት እንተ ደሊኻ ወይ ድማ ብዛዕባ ዘጋጠመ ለውጢ ጸብጻብ ክትገብር እንተ ደሊኻ፡ ነዚ ወብሳይት እዚ ብጽሓዮ፡- www.washingtonconnection.org